# ምስ ኢየሱስ ክንራኸብ ከሎና ተኣምራት ይፍጸም።

## ንባብ፡ ሉቃስ 4፡38-44።

ኣምላኽ ንሰብ ክፈጥሮ እንከሎ ምስኡ ክራኸብ ብኣርኣያኡን ኣምሳሉን እዩ ፈጢርዎ። ካብኡ ከይፍለ ምስኡ ቀጻሊ ርክብ ክህልዎ፥ እንተ ኾነ ሰይጣን ተዓዊትሉ ካብቲ ዘፍቅሮ ብሂጉ ዝፈጠሮ ተፈልዩ ኣብ ርእሱ ሞት ኣምጺኡ። ንሰብ እታ ዝኸበደት ኣብ ሕይወቱ ካብ ኣምላኽ ክፍለ እንከሎ ማለት ኣምላኽ ዘይብሉ ሕይወት ክነብር እንከሎ። ሽዑ ዝተፈላለየ ኃጢኣትን ግፍዕን ይፍጽም፥ ሕልና ኣጥፊኡ ስራሕ ሰይጣን ክፍጽም ይነብር። እታ እንኮ ሰላም ፍቕሪ ምሕረት እተምጽኣሉ ምስ ኣምላኹ ክዕረቕ እንከሎ እዩ።

ጎ.ኢ.ክ. ነዚ ዝተበተከ ርክብ ክመልስ ከማና ሰብ ኮይኑ ንኣና መሲሉ። ንሱ ኣብ መንጎና ዝሓደረ ምስ ኣምላኽ ዕርቂ ክፈጥረልና ከምኡ ንሕና ደቂ ብርሃን ኮና ብርሃን ኣምላኽ ክንካፈል። ባዕሉ ከም ዝብለና ኣነ ዝመጻእኩ ንስኻትኩም ምልኣት ሕይወት ምእንቲ ክህልወኩም እዩ። ሕይወትና ምልኣት ዝህልዎ ምስ ኢየሱስ ርክብ ክህልዎ ክንከሎ ጥራሕ እዩ። ኣብ ኢየሱስ ክንመጽእ ከሎና ኣባና ጸጋ ኣምላኽ፥ ሰላምን ተስፋን ኣሎ። ኢየሱስ ብርእሱ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ክንቅበሎ ክንወሃሃዶ ከሎና ኣባና ዝተፈላለየ ተኣምራት ይፍጽም። በዚ እዩ ኩልኹም ዝደኸምኩም ዝጸዓርኩም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኣባይ ንዑ ዝብለና።

ኣብ ወንጌል ሰባት ምስ ኢየሱስ ክራኸቡ ከለዉ ብዙሕ ተኣምራታት ከም ዝተፈጸመ ነንብብ። ኣብ ማህጸን ማርያም እንከሎ ኤልሳቤጥ መንፈስ ቅዱስ መልአ፥ ዮሓንስ ሕጻን ኣብ ከርሲ ኣዲኡ እንከሎ ብሓጎስ ተሰራሰረ። ኣብ ቃና ዘገሊላ ኣብ ዝተገብረ መርዓ ማይ ናብ ወይኒ ተለዊጡ። ብሰንበት ኣጋንንቲ ኣውጺኡ ክዳኑ ዝተንከፈት ሰበይቲ ዝፈሳ ዝነበረ ደም ደው ኢሉ ሓውያ፥ ጋኒ ዝሓዞም ክርእይዎ ከለዉ ይርዕዱ ገለ እዋን ምሳኻ እንታይ ኣሎና ንስኻ ወዲ እቲ ልዕሉ ኢኻ እናበሉ ክዛረቡ ይስምዑ ነሮም፥ ነዚ ዝረእዩ መን እዩ እዚ ኣጋንንቲ ዝእዘዝዎ እናበሉ ንዝርኣይዎ መስኪሮም. . . . እምብኣር ንኢየሱስ ክንረክብ ከሎና ኣባና ተኣምራት ከምዝፍጸም ኣሚና ኣብኡ ክንቀርብ ኣሎና።

ሉቃስ ወንጌላዊ ርኹስ መንፈስ ሒዝዎ ዝነበረ ምስ ኢየሱስ ምስተራኸበ ከም ዝሓወየ ይነግረና። ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ብርኹሳት መናፍስቲ ዝተታሕዙ ምስ ሰብ ክራኸቡ ወይ ሰብ ክረኽቦም ኣይፍቅድን እዩ ምኽንያቱ ርኹሳት መናፍስቲ ስለ ዘለዎም ከምኡ ከላግቡልካ ስለ ዝኽእሉ ካብኦም ምርሓቕ የድሊ፥ ምኽንያቱ ክፉኦም የሳግሩልካ፥ የራኽሱኻ ስለዚ ሰብ ካብኦም ይሃድምን ይርሕቕን። እንተ ኾነ ኢየሱስ ኣብቶም ዘይንጹሓት ከይዱ፥ ከም ኣምላኽ መጠን ብዘለዎ ስልጣን ከአ ካብቲ ሕሙም ክወጽኡ ይእዝዞም እሞ የንጽሖም። ኢየሱስ ኣብ ዘሎናዮ መጺኡ ከንጽሓና ከሕውየና ካብ ዘሎና ስቓይ ክንሓዊ ጸግኡ ይህበና።

ሉቃስ ወንጌላዊ ኢየሱስ ኣብ ቤተ ጸሎት ንሓደ ርኹስ መንፈስ ዝሓዞ ሰብ ምስ ኣሕወየ ቀጺሉ ኣብ ገዛ ጴጥሮስ እዩ ከይዱ። ሰንበት ኣይሁድ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ክኸይድ ወይ ኽገብር ኣይፍቀደሉን እዩ። እዚ ቤት ኣብ ቅፍርናሆም ኣብ ዝመላለሰሉ ጊዜ ከም ማእከል መዋፈሪኡን ቤቱን ይጥቀመሉ ነሩ። ኢየሱስ ዘዕርፈሉ ቤት ኣይነበሮን ናይ ገዛእ ርእሱ ቤት ኣይ ነብሮን ግን ከአ ግዳም ሓደር ኣይነበረን። ብዙሓት ሰባት ነሮሞ እዮም ኣብ ቤቶም ብጽቡቕ ዝቕበልዎ ዝነበሩ። ንኣብነት ማርታን ማርያምን ኣልኣዛርን ከምኡ ካልኦት ሰባት ይዕድምዎ ይቕበልዎ የገልግልዎ ነሮም እዮም። እዚ ጽቡቕ ባህሊ ንጋሻ ምቕባል ሓደ ካብቲ ብዙሓት ክርስትያን ዘዘውትርዎ ሰናይ ግብሪ እዩ።

ኢየሱስ ኣብ ቤት ይዕደም ኣብ ቤት ንሰባት የሕዊ ኣብ ቤት የስተምህር ኣብ ቤት የዕርፍ። እዚ ቤት ናይ መን ምዃኑ ብዙሕ ጊዜ ኣይንገርን። ኣበው ቤተ ክርስትያን ነዚ ቤት ኣምሳል ቤተ ክርስትያን ገሮም ይርእይዎ። ቤተ ክርስትያን ቤት ኣምላኽ ኣብኡ ቃል ኣምላኽ ዝስምዖ ኣብኡ ምስጢራት ዝዕደልዎ፥ ኣብኡ ጸሎትን መስዋዕቲ ቅዳሴን ዝግበረሉ ስለ ዝኾነ ኣምሳል ቤተ ክርስትያን እዩ። ኣምላኽ ብሓባር ኣብ ቤተ ክርስትያን ኮናን ክንጽሊ ከሎና ምሳና ኣብ ማእከልና ኣሎ። ኣብ ቤቱ ክንከይድ ኣብኡ ክንሰምዖ ድላይና ክንልምኖ ይግብኣና። ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ (መዝ. 122፡1)። ዳዊት ንጉሥ ነዚ ዝበለ ነቲ ዝተሰምዖ ሓጎስ ምስ ኣመንቲ ኣብ ቤት ኣምላኽ ኣብ ኣምልኾ ክሕወሱ ምስ ነገርዎ ዘርኣዮ ኣድንቐት እዩ።

ኢየሱስ ዝኣተዎ ቤት ኩሉ ጊዜ ፍሉይ ጸጋ ከምዝረክብ ኣብ ወንጌል ንርኢ። ከም ዝተጠቐሰ ኢየሱስ ኣብ ከርሲ ኣዲኡ እንከሎ ኣብ ቤት ዘካርያስን ኤልሳቤጥን ምስ ኣተወ ኤልሳቤጥ መንፈስ ቅዱስ መልአ ከምኡ ዮሓንስ ጌና ኣብ ከርሲ ኣዲኡ እንከሎ ናይ ኢየሱስ ምምጻእ ኣሓጉስዎ ተሰራሰረ ይብለና። ምስ ኢየሱስ ጸጋ ቤረኽት ሓጎስ ምልኣት እዩ ዝመጽእ። ማርታ ሓዋ ኣልኣዛር ምስ ሞተ ንስኻ ኣብዚ እንተ ትነብር ኣይምሞተን ኢላቱ፥ ኢየሱስ ከኣ ኣነ ትንሣኤን ሕይወትን እየ ኢልዋ (ዮሓ 11፡21)። ማርታ ኢየሱስ ኣብ ዘለዎ ሞት ስቓይ ሓዘን የለን። ንሱ ኣብዘለዎ ሕይወት ኣሎ።

ኢየሱስ ኣብ ቤት ሓማት ጴጥሮስ ምስ መጽአ ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ከሕውያ ብዛዕብአ ለመንዎ። ኣምላኽ ጸግኡ ክህበና ዝሕግዝ ዘማልድ ኩሉ ጊዜ የድልየና። ንሕና ብባህርና ጎደሎ ኢና ናይ ካልኦት ሓገዝ ከም ዘድልየና ዘዋራዋር ኣይ ኮነን። ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ከአ ብዝያዳ ዝሕግዝ ዘማልድ የድልየና በዚ ኢና ኣማልድነት ማርያምን ቅዱሳንን መላእኽትን የድልየና ኢልና እንኣምን። ኣማልድነት ኣየድልየንን እዩ ዝብል ባህሪኡ ወይ ክአ ግብሪ ኣምላኽ ዘይተሰቕሮ ጥራሕ እዩ። ቤተ ሰብ ሓማት ጴጥሮስ ኢየሱስ መን ምዃኑ ይፈልጡ ስለ ዝነበሩ ንሓፍቶም ለሚኖምላ። ሽዑ ተኣምራት ተፈጺሙ።

ንሓውናን ሓፍትናን ኣብ ጊዜ ሕማሞም ኣብ ጊዜ ጸገሞም ኣብ ኢየሱስ ክነቕርቦም ክንጽልየሎም ከሎና ኣምላኽና ሰማዕ እዩ፥ ሓንትስ ምሉእ እምነት ገርና ንለምኖ። እምነትናን እምነት ሓውናን ሓፍትና ኣብ ፍጻሜ ተኣምራት ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ተቐበልቲ ጥራሕ ዘይኮና ንእምነት ክንሳተፎ ክንምስክሮ ኣሎና። ተኣምራት ብዙሕ ጊዜ ፍረ እምነት እዩ፥ እታ ደም ዝፈሳ ዝነበረት ሰበይቲ እምነት ገራ ዘፈር ክዳን ኢየሱስ ምስ ተንከፈት ሓወየት (ማር 5፡21-34)። እምነት ንጸልማትን ተስፋ ቍርጸትን ቀንጢጡ ኣብ ብርሃን ክርስቶስ ከም እንነብር ይገብረና። እምነት ብዘይ ግብሪ ምውቲ እያ ይብለና ቅ. ያዕቆብ (2፡17)።

ንሰባት ኣብቲ ከቢድ ጸገም ክንነርም እንከሎ ኣብ ጎኖም ኮና ተኻፈልቲ ጸገሞም ክንከውን እንከሎና መጀመርያ ተስፋ ንኾኖም ከምኡ ነቲ ወሪድዎም ዘሎ ጸገም በይኖም ከምዘይኮኑ ኣለልዮም ክብድህዎ ክሰግርዎ ዓቢ ሞራላውን መንፈሳውን ኃይሊ ይህቦም። ሓማት ጴጥሮስ ቤተ ሰባ ምስአ ኮይኖም ይሕግዝዋ ነሮም ኢየሱስ ምስ መጽኦም ከአ ከሕውያ ለሚኖምላ። ስቓያ ስቓዮም ገሮም ርእዮሞ እምበር ባዕላ ክትዛረብ ክትሓትት ኣይገደፍዋን። እዚ እዩ ናይ ማሕበርን ሰናይ ዝገብሩ ስራሕ። ንሓደ ወይ ሓንቲ ሓፍትና ኣብ ከቢድ ጸገሞም ክንሳተፍ ከሎና ዓቢ ለውጥን እፎይታን ከም ዝፈጥር በዛ ኣብ ሕይወተይ ዝገጠመትኒ ታሪኽ ክነግረኩም።

ሓደ እዋን ካብ ከረን ነፍዓበት ክቅድስ እኸይድ ነረ። በቲ እዋን ብናይ ጸጥታ ምኽንያት ድኅሪ ስዓት 4፡00 ናይ ምሸት ካብ ከረን ክትከይድ አይፍቀድን ነሩ። ክኸይድ ስለ ዝነበረንን ስለ ዝመሰየን ተጠራጢረ ፈሪሐ እውን ምኽንያቱ አብቲ እዋን ኵነታት ጽቡቕ አይ ነበረን። ብዝኾነ ካብ ከረን ስዓት 4፡00 ተበጊሰ ንበይነይ እናዘቄርኩ አብ ስግር ሩባ ዓንሰባ ምስ በጻሕኩ ሓደ ወተሃደራዊ ኽዳን ዝተኸድነ ካብ መንጎ አእዋም ውጽእ ኢሉ ምልክት እናገበረ ደው ክብል ምልክት ገሩለይ፥ ፈሪሐ ስለ ዝነበርኩ ዝቐትለኒ መሲሉኒ ቀስ ኢለ ደው ኢለ አብ ጥቕኡ ምስ በጻሕኩ ግን ናፍታ ሂበ ከም ንፋስ ተወምጨፍኩ። ካብ ሕጂ ሕጂ ይትኩስ ክብል ብመስትያት እንተ ጠመትኩ ወላ ሓደ ምልክት ዘይገብር። ሽዑ ደው ኢለ ተጸቢየዮ። እናጎየየ መጺኡኒ ብትግረ ገረ ምሓዘካ ኢለዮ ምኽንያቱ አብቲ ከባቢ ትግረ ጥራሕ እዩ ዝዝረብ። ዘገረመኒ ብትግርኛ ገሩ በጃኽ ክሳብ ግዝግዛ ተማልአኒ ኢሉኒ። ትግርኛ ብምዝራቡ ሰንቢደ ትፈልጥ ዲኻ እዚ ቦታ ምስ በልክዎ ጽጉምየ ርድአኒ ኢሉኒ። ሽዑ ተማሊአዮ ክሳብ አፍዓበት ብሓንሳብ ተጓዒዝና ንሰሜናዊ ምስራቕ ሳሕል ብእግሩ ዝኸይድ ዝነበረ መንእሰይ እዩ ነሩ። አብ ዕላል ከም ዝሓበረኒ ዝነበሮ ምሉእ ገንዘብ አጥፊኡ ዝገብሮ ጠፊእዎ ብእግሩ ንሓደ 5-6 መዓልቲ ብዘይ ስንቅን ዝኾነ ሓገዝን ዝጉዓዝ ዝነበረ እዩ። አብ ከምዚ ኩነት እንከሎ አነ መጺአዮ ንሱ ኸአ ንአይ ፈሪሐ ንዝነበርኩ ብጻይ ኮይንኒ። አብ መጨረሻ ካብ ዝነበረኒ ገንዘብ ሂበዮ። ከምዚ ኢለዮ ንአኻ አምላኽ ንአይ ሰዲዱልካ ነዚ ኹሉ መገዲ ክማልአካ። ንአይ ከአ ብፍርሒ ተዋሒጠ ዝነበርኩ ብጻይ ፈጢሩለይ ስለዚ ክነመስግን ይግብአና ኢለዮ።

አብ ጸገም አሕዋትና ፍታሕ ክነምጽእ ከሎና ሓጎስ እዩ ዝፈጥረልና። አብ ጽንኩር እዋን ንዘሎ ክንሕግዝ ከሎና በረኸት እዩ ዝበዝሓና። አብ ከቢድ ጸገም ንዘለዉ አለሊና ክንሕግዝ ከሎና ንኹሉ ኩነታት አብ ሓዲስ ምዕራፍ ከም ዝሰግር ኢና እንገብር። ሓማት ጴጥሮስ ምስ ሓወየት አብ አገልግሎት እያ ወፊራ። ቅ. ዮሓንስ አፈወርቅ ነዚ ከስተንትን እንከሎ እቲ ሕማም ክሓዊ ዝኽእል ስለ ዝነበረ ብስልጣኑ በቲ ዝውቱር አገባብርኡ ናይ ምሕዋይ ገሩ አሕውይዋ። በዚ ኸአ ዝኾነ ካልእ መድኃኒት ኽገብሮ ዘይክእል ገሩ። ሽዑ ንሽዑ ካብ ረስና ሓውያ ክተገልግሎም ጀሚራ፥ ብዙሕ ጊዜ ብረስኒ ተቐልዩ ዝነበረ ክሓዊ ጊዜ ይወስደሉ፥ ምሉእ ብምሉእ ክሓዊ አብ ዝነበሮ ጥዕና ክምለስ ጊዜ ዕረፍቲ የድልዮ ሓማት ጴጥሮስ ግን ተኣምራታዊ ከምዝኾነ ምሕዋያ ከርኢ ፍጹም ምሕዋይ እያ ረኺባ። አብ ዝነበረቶ ጥዕና ክትምለስ ጊዜ አየድለየን። እዚ እዩ እቲ ኢየሱስ ዝገበሮ ተአምራት። ምሕዋይ ጥራሕ ዘይኮነ ፍጹምን ቅጽበታውን ምሕዋይ እያ ረኺባ።

ንዝተገብረላ ጸጋ ስለ ዝረአየት ከዕርፍ ደኺመ ከይበለት ነቲ ዝተገብረላ ሰናይ ሞሳ ክትመልስ አብ አገልግሎት ወፊራ። አብ ኢየሱስ አገልግሎት ክትርኢ ስለ ዝኸአለት ክተገልግል ጀሚራ። እዚ ንነፍሲ ወከፍና ዓቢ ትምህርቲ አለዎ ሰባት አብ ሕይወትና ሰናይ ኽገብሩልና ከለዉ ንሕና እውን ንኻልኦት ሰናይ ክንገብር ከምዘሎና ክንሓስብ። ኽግበረልና ጥራሕ ክንጽበ የብልናን። ኢየሱስ ዝህበና ጸጋ ንኻልኦት ክነካፍል ክንሕግዝን ምእንቲ እዩ።

እምብአር ወንጌል ከም ዝብለና ሓማት ስምዖን (ጴጥሮስ) ብብርቱዕ ረስኒ ሓሚማ ነራ ምናልባት ዓሶ ይኸውን ካብ ዓራት ክትንሥእ ትኽእል አይነበረትን። ኢየሱስ አብ ቤት ምስ አተወ ከሕውያ ለመንዎ። ከም ዝበልክዎ አብዚ ሰባት ብስምና ወይ ንሕና ንሰባት ክንልምን እንከሎና አምላኽ ይሰምዕ እዩ። በዚ ኢና ጸልየለይ እናበልና ንሓውናን ሓፍትናን እንልምን። ሽዑ አምላኽ መልሲ ንጸሎትና ይህብ። ናይ ማኅበር ናይ ስድራ ጸሎት ንሕሙም ምሕረት ከም ዝወርዶ ይገብር። በዚ እያ ቤተ ክርስትያን ምእንቲ

ዝሓመሙ ዝተሸገሩ ዝሞቱ፥ ምእንቲ ሰላም ወዘተ ክንጽሊ ብፍሉይ ከአ መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ እትምህረና። አምላኽ ልመና አመንቲ ይሰምዕ እዩ።

ንሓማት ስምዖን ኢየሱስ አብ ጥቕአ ደው ኢሉ ነቲ ረስና ገንሖ እቲ ረስና እውን ኃደጋ ብእብኡ ተንፂአ ኸአ አገልገለቶም። ሓዋርያት ንኢየሱስ ለመንዎ ብቃሉ አሕወያ። አበው ቤተ ክርስትያን ነዚ ረስኒ ሓማት ጴጥሮስ አምሳል ናይ እቲ አብ ውሽጢ ወድሰብ ዘሎ ዝንባሌ ክፍአት ኃጥአት እዩ ይብሉ፥ እዚ ዝንባሌ ክፍአት Concupiscense ነቶም ዝተፈላለዩ ሕማማት ስቓያት አብ ሕይወትና ዝኅነፉና የመልክት፥ ረስንና ብርቱዕ ስምዒት ዘሎና፥ ብርቱዕ ረስኒ ዝንባሌ ፍትወት ሥጋ፥ ዘሎና ቍጥዓ ኵሎም ሕማቕ ልምድታት ሞራላዊ ውድቀታት ንሰውነትና ዝትንክፉ ንነፍስና ቅሳነት ዝኸልኡን ተስፋ ዘቕሩጹን፥ ንአእምሮና ስምዒታትናን ሰላምን ዕረፍትን ዝኸልኡ የመልክት እናበሉ ይገልጽዎ (ቅ. አምብሮስ)።

ቅ. ቀርሎስ ነዚ ብግብሪ ኸገልጾ እንከሎ ከምዚ ይብል፡ ንኢየሱስ ንቀበል ምኽንያቱ ንሱ ክበጽሓና እንከሎን ንሕና አብ ልብናን አእምሮናን ክንወስዶ እንከሎና ወላ አብቲ ዝኸፍአ ስቓይ ከሎና ጸገምና ጨሪሹ ይጠፍእ አብ ዋሕስ ዘለዎ ድሕነት አቲና ነገልግሎ ማለት አብቲ ንአኡ ዘሓጉስ ከም እንርከብ ይገብረና ይብል (ስብከት 28)።

አብዚ ዓቢ ትምህርቲ አሎ። ጥዕናን ምሕዋይን ነቲ ዝሓዊ ሰብ ጥራሕ አይ ኮነን። ሓማት ስምዖን ምስ ሓወየት ቀልጢፉ ንማሕበር ክተገልግል ከም ዝተንሥአት ንርኢ። አምላኽ ጸጋ ክህበና ከሎ ንአገልግሎት ርእስናን ንማኅበርን ክንጠቅም እዩ። ሓማት ጴጥሮስ ዘገልገለት ሰበይቲ ስለ ዝኾነት አይ ኮነትን ሓምኡ እንተ ዝኸውን እውን ከምኡ እዩ ምኾነ። ብጥዕና ክሳብ ዘሎና ጥዕናን ሓይልን ንዕብየትን ምኅናጽ ማኅበር እምበር ንግላዊ ሓጎስና ወይ ጥቕምና አይ ኮነን።

አብዚ ብንጹር እንርእዮ ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ንኸገልግል ቅሩብ ከምዝኾነ። ንሕና ሓደ ነገር ምስ ገበርና ክነዕርፍ ኢና እንደሊ ኢየሱስ ግን ክሰብኽ ጸኒሑ አብ ካልእ አገልግሎት ይጽመድ። ሰባት አብ ሓደ ተልእኮ እንከሎ እንተ ሓተትዎ ቀልጢፉ አብቲ ዝጸውዕዎ ይኸይድ። ደኺመ አይብልን ካብ አገልግሎት አይደክምን። አብዚ እዩ ንሕና እውን አብ ሰናይ ምግባርን ምግልጋል ክንደክም ዘይብልና። አብ ሕይወት ሰባት ትአምራት ክገጥም እጃምና ነበርክት።

ኢየሱስ ሎሚ እውን ትአምራቱ ኸገብር ቅሩብ እዩ ሓንትስ እመነት ገርና ንቕረቦን ንለምኖን። አብዚ እዋና ተአምራት ከይፍጽም ብወገና ዝዓግቱ ነገራት አለዉና።

1. **አይንልምንን አይንጽልን እንተ ጸለና ኸአ ብአፍ ጥራሕ ኮይኑ።** ኢየሱስ ለምኑ ክውሃበኩም ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም ኢሉና እዩ። ልብና አንጺሕና ክንሓትት እዩ ዝደልየና።
2. **አይንአምንን ወይ ንጠራጠር።** ምልማን ማለት ልብኻ ምኽፋት ምሉእ እምነት ገርካ ካብ አምላኽ ጥራሕ ንዝውሃበካ ጸጋ ምሕታት እዩ። ብልቢ ንዝቐረበ ልመና አምላኽ ይሰምዖ እዩ። ኢየሱስ ነዚ ኸምዝገብረልካ/ኪ ትአምንዶ እዩ ዝብለና።
3. **ውሽጥና ደገናን ሓደ የለን።** ብዝርአ ብላዕሊ እነርእዮን ከምኡ አብ ውሽጥና ዘሎ ሓቅን ይፈላለ አሎ። ብአፍና ብደገና ናይ አምላኽ ሰብ ንመስል ግን አይኮናን ስለዚ አምላኽ ንጸሎትና አይቅበሎን። እዚ ህዝቢ ብኸናፍሩ ጥራሕ የኽብረኒ ይብለና። ውሽጥና ምርአይ የድልየና አሎ።

4. **ክፍኣት በዚሑ።** ሰብ ሎሚ ኃጢኣት ምግባር ለሚድዎ፥ ንሓዉ ኽገፍዕ ጅግንነት ገሩ ርእይዎ። ኃጢኣት የለን ኣብ ምባል በጺሑ። ንዝርአ ኃጢኣትና ንነሰሓሉ። ትኣምራት ዝገጥም እምነት ኣብ ዝበዝሓሉ፥ ጽድቅን ርትዕ ኣብ ዝነገሰሉ እዩ። ልብና ከፈኡ እንከሎ ትኣምራት ክንጽበ የብልናን።

ሎሚ እውን ኣምላኽ ክንዕድሞ ክንጽውዖ እሞ ተኣምራት ኽገብረልና ድላዩ እዩ። ኣብ ቤትና መጺኡ ንዘሎና ጸገም ክፈትሓልና ተኣምራት ኽገብረልና ክንሓቶ ኣሎና። ኦ ኢየሱስ ጎይታይ ወላ እኳ ኣብ ቤተይ ክትኣቱ ብቑዕ እንተ ዘይኮንኩ ኣብ ቤተይ እቶም ምሕረትካ ጸጋኻ ኣውርደለይ ንበሎ።

መሓሪ ኣምላኽ ምሕረቱ የውርደልና ርሑስ ሓዲስ ዓመት።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።